FULL KOLL

ኒትሪክ ጋዝ

መንእሰይ ውላድካ ንኽሰክር ኢሉ ኒትሪክ ጋዝ ይወስድ ዶኾን ኢልካ ትጭነኞ’ዶ?

እዛ ብሮሹር እዚኣ ብዛዕባ ኒትሪክ ጋዝ እትገልጽ ኮይና፡ መንእሰይ ውላድካ ብኽመይ ክትሕግዞ ከም እትኽእል ሓበሬታን ደገፍን ትህብ።

ኣብ 2020 ዓመታት ኒትሪክ ጋዝ ንኽትሰክር ኢልካ ምጥቓም ልሙድ እንዳኾነ ክኽይድ ጸኒሑ እዩ። ካብ 1 ሓምለ 2025 ጀሚሩ መሸጣ ኒትሪክ ጋዝ ቁጽጽር ክግበረሉ ጀሚሩ ኣሎ። ትሕቲ 18 ዓመት ንዝዕድሚኡም ሰባት ምሸጥ ክልኩል እዩ፣ ንዕላማ ስኽራን እዉን ከምኡ።

ብዙሓት ሰባት ኒትሪክ ጋዝ ጐዳኢ ከምዘይኮነ ይኣምኑ፡ እዚ ግን ሓቂ ኣይኮነን። ኒትሪክ ጋዝ ንዕላማ ስኽራን ዝጥቀም ዝኾነ ሰብ ኣብ ስርዓተ ነርቭን ሓንጎልን ከቢድ ጉድኣት ከጋጥሞ ይዕድም። እቲ ዝዓበየ ስግኣት ኒትሪክ ጋዝ ዝረአ ብተደጋጋሚ ምስ ትጥቀመሉ እዩ። ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ኒትሪክ ጋዝ እዩ ምስ ተስተንፍሶ ሓደገኛ ዝኾነ፡ ከም’ዚ እዩ ምባል ኣይከኣልን። ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ብዙሕ ኒትሪክ ጋዝ ምስ ትጥቀም፡ ከቢድ መጉዳኢቲ ከጋጥመካ ዘሎ ስግኣት ድማ ምስኡ ይዓቢ።

Länsstyrelserna

ምፍላጡ ጽቡቕ ዝኾነ

- ኒትሪክ ጋዝ መተንፈሲ ቱቦ ኣብ ዘለዎ ንኣሽቱ ካርትሪጅ ይሸየጥ። ካብ 1 ሓምለ 2025 ጀሚሩ ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ኣብ ሓደ እዋን እንተበዝሑ ክልተ ካርትሪጅ ክገዝኡ ይኽእሉ። እዚ ድማ መግቢ ንምኽሻን ጥራይ። ኣብ ዓበይቲ ቱቦታት ዝተዓሸገ ኒትሪክ ጋዝ እዉን ኣሎ። እዚ ካብ 1 ሓምለ 2025 ጀሚሩ ኣብ ዕዳጋ ንኸይውዕል ተኸልኪሉ እዩ።

- እቲ ኒትሪክ ጋዝ ካብቲ መዕቆሪኡ ካፕሱል ምስ ወጸ ብቕጽበት ኣዝዩ ዝሑል ስለ ዝኾነ : ኣብ ኣፍ፡ ጎሮሮን ስርዓተ ምስትንፋስን ናይ ዛሕሊ መጉዳእቲ ከስዕብ ይኽእል።

- ኒትሪክ ጋዝ ንዕላማታት ስኽረን ኣብ እንጥቀመሉ እዋን፡ እቲ ጋዝ መብዛሕትኡ ግዜ ብቕጥታ ካብቲ ካርትሪጅ ወይ ቱቦ፡ ወይ ድማ ባላንቺና በቲ ኒትሪክ ጋዝ መሊእኻ ድሕሪኡ ካብኣ ይስትንፈስ።

- ድሕሪኡ እቲ ኒትሪክ ጋዝ ንኣስታት 1–2 ደቓይቕ ናይ ስኽረንን ፍሸኽሸኽ ስምዒት ክፈጥር ይኽእል። ናይ ቃንዛ እፎይታን ዓጀውጀውን እዉን ከስዕብ ይኽእል።

- እቲ ኒትሪክ ጋዝ ምሉእ ብምሉእ ጽሩይ እንተኾይኑ ምንም ኣክስጅን የብሉን። ብሰንኪ እዚ ርእሰኻ ክዘረካ ወይ ሃለዋትካ ከተጥፍ ትኽእል።

- ምጥቃም ኒትሪክ ጋዝ ኣብ ኣእዳውን ኣእጋርን ስምዒት ዘጥፍእ ናይ ነርቭ ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል። ደው ኢልካ ንኽትከይድ ክትጽገም ትኽእል። ብተወሳኺ ጭንቀት ዘለዎ ናይ ኣእምሮ ጸገማትን ትሑት ዓቕሚ ተገንዞ ከም ሕማም ረሲዕነት ክፈጥር ይኽእል። ካልእ ድማ ምርጋእ ደም ኣብ ሰራውር ደም ንኸጋጥም ዘሎ ስግኣት ክብ የብሉ።

- ኒትሪክ ጋዝ ከተስተንፍሶ ከለኻ ነቲ ጎዳኢነቱ ንምንካይ ክትገብሮ እትኽእል ነገር የለን።

- መብዛሕትኦም ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ዝኽዱን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤ/ት 2ይ ዓመት ዝኽዱን ተምሃሮ ኒትሪክ ጋዝ ኣይጥቀሙን እዮም። ብዝሒ ናይቶም ኒትሪክ ጋዝ ዝጥቀሙ መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገር ይፈላለ እዩ።

- ኒትሪክ ጋዝ ኣብ ክንክን ጥዕና ከም መህድኢ ቃንዛ ዝውዕል መድሃኒት ኮይኑ፡ ብዝሑን ሓይሉን በቶም ዝሰልጠኑ ሰብ ሞያ ክንክን ጥዕና ብምቁጽጻር ዝወሃብ መድሃኒት እዩ።

ከም ወላዲ እንታይ ክገብር እኽእል?

ኣብ መዓልታዊ ህይወት ብዘጋጥሙ ኩሎም ነገራት ክትዛረብ ፈትን። በዚ ብዛዕባ ክብድ ዝበሉ ነገራት፡ ከም ኣልኮላዊ መስተ፡ ድራግ ወይ ጾታዊ ርክብ ንኽትዛረብ ባህርያዊ ይኸውን። ሕቶታት ሕተትን ሰማዒ ኩንን። ጥቡቕ ርክባት ምስ ዝህልወኩም እዉን ናይ ባዕሉ ናይ ምክልኻል ረብሓ ኣለዎ።

- ኒትሪክ ጋዝ ንሓጺር ግዜ ጥራይ ስኽራን ስለ ዝፈጥር፡ ውላድካ ኒትሪክ ጋዝ ይጥቀምን ድዩ ኣይጥቀምን ንኽተስተብህል ኣይከኣልን። ይኹን ደኣምበር ካልእ ከተቕልበሎም ዘለካ ምልክታት ኣለዉ። ናይ ኒትሪክ ጋዝ ካርትሪጅ ወይ ቱቦታት ምስ ባላንቺና ብሓባር ምስ ትርኢ፡ እዚ ናይ ምጥቃም ኒትሪክ ጋዝ ንጹር ምልክት እዩ።
- ንጹራት ገደባት ይሃልኻ። ስለምንታይ ከምዚ ትሓስብን ከም ዝስመዓካን ግለጽ።
- ከጋጥም ይኽእል እዩ ንእትብሎ ዘፍረሓካ ነገራት ግለጸሉ። ከም ንኡሸተይ መንእሰይ፡ ወላዲኻ ከም ዝግደሰልካ ምፍላጡ ጽቡቕ ስምዒት እዩ ዝፈጥር።
- ንኽትሰምዕን ንኽትመያየጥን ድሉው ኩን። ዓቕሊ ይሃልኻ።
- ብዛዕባ ተኣፈፍቲ ነገራት ከይተሰከፍካ ንኽትዛረብ ጥቡቕ ርክብ የድሊ። ናብ'ዚ ንምብጻሕ ድማ ግዜ ይወስድ። ብፍላይ ምስ ሓደ ንኡሸተይ መንእሰይ። ግዜ ዝወስድ እንተኾኑ እቲ ዘድልዮም ግዜ ሃቡ።
- ካብ ካልኦት ወለዲ ወይ ኣብ ከባቢኻ ካብ ዘለዉ ኣገደስቲ ኣባጽሕ ደገፍ ምስ ዘድለየካ፡ ካብ ምሕታት ድሕር ኣይትበል። እቲ መንእሰይ ክኽተሎም ዘለዎ ሕግታት ሓቢርኩም ወስኑ። ንሕድሕድኩም ተተባብዑ።



ንሰኻ ኣገዳሲ ኢኻ! እታ ኣይፋልን ትብላ ቃል ኣገዳሲት እያ!



- ፋልኮል(ምሉእ ምክትታል) ዝብል ዓበይቲ ንመንእሰያት ደቆም ካብ ኣልኮላዊ መስተን ካልእ ድራግን ንኽቕጠቡ ደረት ንኽገብሩሎም ንምሕጋዝ ተባሂሉ እዩ ዘሎ።
- ብሓገዝ መርትዖታትን ደገፍን፡ ኣይፋልን ንኽትብል ርእሰ ተኣማንነት ንኽህልወካን ኣብ ውሳነኻ ንኽትጸንዕ ተስፋ ንገብር።
- ነቲ ዝምድና ብኸመይ ከም ትሃንጾን ንጹራት ገደባት ከመይ ገይርካ ከም ትሕንጽጽ ዝያዳ ኣብ fullkoll.nu ኣንብብ።

ሕቶታት ምስ ዝህልወካ ወይ ሓገዝን ደገፍን ምስ እትደሊ ንመን ክትውከስ ከም ትኽእል ትፈልጥ’ዶ?



- ማእከል ሓበሬታ መርዚ ብዛዕባ ኒትሪክ ጋዝ ንዝቐርቡ ሕቶታት ምኽርን መልስን ይህብ። ናብ 010-456 67 00 ደዉል ወይ ኣብ giftinformation.se. ረኣ።
- ኣብ ቤ/ት እቲ ቄልዓ ንዘሎ ክፍሊ ጥዕና ተምሃሮ፡ ንማእከል ክንክን ጥዕና(ቮርድ ሰንትራለን) ወይ ኣብ’ቲ ትነብረሉ ኮሙን ንዘሎ እንዳ ሶሻል ክትውከት ትኽእል።

ተወሳኺ ኣንብብ፤

Fullkoll.nu
Giftinformation.se
1177.se
Drugsmart.se
Youmo.se

FULL KOLL .NU